**ዝቐደመን ዝደሓረን ጉዳይ ዶብ፣ ብሰላማዊ መንገዲ ጥራይ ክፍታሕ ንጽውዕ፣**
**ብማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ስዊስ**
**ንዶብ ጁቡቲ ዝምልከት ዝወጽኤ ጻዊዕት፣**

ሕብረተሰብና ሰላም፣ ኣብ ዉሽጡ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሙሉእ ዓለም ክትነግስ ብጸሎትን ብጾምን ብሞባእን ዝጋደል እዩ። መቐረታ ስለ ዝርዶኦ ድማ ንደምን ንሞትን ከይተረፈ ብሰላማዊ መንገድን መንፈስን ከረጋግኦ ምስ ጎርባብቱ ድማ ተኸባቢሩ ይናብር ኣርኪብና። ኣብ ሰላም ዘለዎ እምነቱ ድማ ንውላዱ ሰላማዊት፣ ሰላማዊ፣ ስም ይህብ። እወ ንሰላም ህዝብና፣ ቅድሚ እንጀራን ማይን እዩ ዝስርዓ፣ ንሰላም ዘይብሉ ናብራ ድማ 'ሓንቲ ዘይብሉ' ኢሉ ይዓጹ። እወ ሂወት የብሉ ተስፋ።

ብ 1961ዓም፣ ኣብ ገዛእ ሃገርናን፣ ገዛናን፣ መሬትናን፣ ብሰንኪ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ሰላም ምስ ሰኣና ቆልዓ ሰበይቲ ከይተረፈ፣ ክተት ኢልና ንበረኻ ወጺእና። ጽቡቓትን ጀጋኑንን ድማ ንነባሪ ሰላም፣ ክንረክብ ሰዊእና። እንተኾነ ህግሓኤ ብታሕቲ ታሕቲ ብጠላማት ፍልሖ ተበሊዑ ስለ ዝጸንሖ፣ ንስልጣን ንህዝቢ ከየርከብ፣ ብትዕቢት ተነፊሑ፣ ከም ገዛእቲ ጣልያን ዓስከሩ ክንኮኖ ብባይቶ ኣይጸደቀ 'ሳዋን ሕማም ሳዋን' ዘርግሖ። ህዝቢ ከይሰርሕን ከይሓርስን ከይመሃርን መርገም ኮነ። ኣብ ኵናትን ዕግርግርን ዘለዎ ቦታ ደቅና ተራእዩ። እዚ ኩሉ ክፍኣትን ዕንወትን ክሕደትን ክኣ ካብ ቤት ጽሕፈት ዋና ጸሓፊ ህግደፍ፣ እዩ ዝዋፈር ዝነበረን ዘሎን። ንቁዋምን ሕግን ከይምእዘዝ፣ ንጠመታ ህዝቢ ክጥምዝዝ ኲናት ክጽሕትር 17 ዓመት ኮይኑ።

ብቃዳምነት ነታ ንሰውራና ሓቁፋ ዘዕበየት፣ ብኣሻሓት ስደተኛታት ህዝብና ዘጽለለት፣ ክሳብ ሓሙሽተ ሚእቲ ሺሕ ድማ ጌና ኣብ መሬታ ኣዕቊባ ዝነበረት፣ ሃገረ ሱዳን፣ "ንጀሃዳውያንን ንሓምሻይ መስርዔኛታትን ዓሊማን ቀሊባን ነዚ ሰላምን ነጻነትን ሃገርና ክተፍርስ ደልያ ንትገብሮ ዘላ ሓገዝ በጺሕናዮ "እነሆ ጭብጢ ንፕረሲደንቲ ክቀትሉ ሰብ ሰዲዳ' እናበሉ ምስ ሕዝቢ ሱዳን ከባእሱና ዝይተገብረ ተዋስኦን ዘይተጻሕፈን ዘይተፋሕሰን ውዲት ኣይነበረን። ብወተሃደራዊ ሓይሊ ድማ ብሰሜናዊ ወገን ኤርትራ ሰፍ ዘይብል ኲናት ወልዑ። ሱዳን ግን ንመንግስቲ ኤርትራ መን ይልእኾ ከም ዘሎ ስለ ዝተረዳኣን፣ ካልእ ሽግራ ስለ ዝዓጠጣን፣ ኣብ ርጉእ ምክልኻል ኣቲያ ነቲ ኲናት ኣፍሸለቶ። ከም'ቲ ዋና ጸሓፊ ዝደለዮ፣ ኲናት ምስ ሱዳን ንነዊሕ ክምጠጥ ከም ዘይክእል ምስ ተፈልጠ ድማ ምስ የመን ንደሴታትና ብዓመጽ ሒዞምልና ኢሎም በርቓዊ ምጥቃዕቲ ፈጺሞም ሂወትን ንብረትን ካብ ክልቲኡ ወገን ኣጥፍኡ ግን እዚ እውን ብወገን የመን ንነዊሕ ክቅጽልዎ መደብ ስለ ዘይነበሮም ምስ ቁስሎም ከለዉ ንቤት ፍርዲ ስለ ዝኸዱ፣ ካብኡ ንላዕሊ ዘይክየድን ዘይስገር ኮነ። ፈታዊትና፣ ናይ ሽግር ብጸይትና ፣ ብደምናን ብደማን 'ሰላም' ዝጨበጥና፣ ምሒር ፍቅርና፣ ድማ ፈደራልዶ ኮንፈደራል ክንቁነን ከም ዘይበለ ዋና ጸሓፊ ህግደፍ፣ "ኢትዮጵያ ብወያነ ተመሪሓ፣ ንልሙዕ ቦታት ባዳን ባድመን ንወደብና ዓሰብን ክትወስድ ክትዳሎ ከላ፣ ቐዲምናያ ጸረ መጥቓዕቲ ጌርና መሬትና ባድመ ተቆጻጺርናዮ ኣሎና" ዝብል ኣብ ሬድዮን ተለቪጅንን ጋዜጣን ዓለም ሰማዕና። ናይ ግዜ መሳፍንትን ግዜ መግዛእትን ዝነበረ ናይ ባህልን ናይ ቁጠባን ፍልልያት ተጠቂምካ ድማ ዘለፉን ጸርፍን ዝተሓወሶ ሞራል ዝጎደሎ ምስ 800 ምእቲ ሺሕ ኤርትራዊ ዝቅመጥዋ፣ መጻእን ለኣኽን /Import Export/ ዕዳጋታት ሃገርና ካብኣ ዝጽበ፣ ሃገር ኲናት ተኸፍተ። ከም ዝረአናዮ ድማ ኣብ መጠርሽታ ብሕግን ብውግእን ተሳዒርና ርእስና ኣድኒና መሬትናን 19ሺሕ መንእሰያትናን ሓዲግና፣ ወጺእና። ዓሰርተ ዓመት ኮይኑ መሬትና ኣይረኸብናን። ድሕሪ ሕጂውን እንተኾነ ዶብ ብሰላምን ብምክብባርን እንተዘይኮይኑ ብውግእን ብኲናት ከም ዘይሕንጸጽ ልቢ ዘለዎ ኩሉ ዝዕዘቦ ዘሎ ሓቂ እዩ።

እቲ ሓደ ከይቀሰነ ድማ እነሆ ሕጂ'ውን ሃገረ ጁብቲ መንግስቲ ኤርትራ ዶብና ሰጊሩ ወሪሩና ኢሎም ኣብ ዓለም ኸሲሶም፣ ኣፍሪቓን ሃገራት ዓረብን ናይ ሕቡራት መንግስታት ጸጥታዊ ባይቶን፣ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት መንግስታትን፣ ንሃገረ ኤርትራ ካብ ሕጊ ወጻኢ ትገብሮ ዘላ ዕንደራ ኮኒኖም፣ ወተሃደራታ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክትስሕብን ኣስሚያማ ኣለዉ። ቆልዓ ከማን ሓንሳብ ብሓዊ ምስ ነደደ ካልኣይ ሳልሳይ ግዜ ኢዱ ኣብ ሓዊ ኣየእቱን እዩ። ዋና ጸሓፊ ህግደፍከ ጥዕናዶ ኣለዎ? ሓንጎሉ ካብ ካብ ቆልዓ ኒኢሱ። ኩሉ ዓለም ዝሓቶ ዘሎ ሕቶ እዩ። ከም ዝስማዕ ዘሎ ድማ ጥዑይ ሓንጎል ከም ዘይውንን ብቀረባ ዝፈልጥዎ የዕልሉ ኣለዉ። ርእሰ ተኣማንነት ኣጥፊኡ፣ ናይ ሰላም ሕልና ጎዲልዎ፣ ብመስተን ካልእ መድሃኒትን ተደጊፉ ከም ዝነብር፣ ነዛ ሃገር ከም ጣውላን ሰድያን ገዝኡ ቆጺርዋ ከም ድላዩ ኣብ ርእሳ ኮፍ ክብለላ ወይ ክንድዳ ንርኢ ኣሎና። ኣብ ዶብ ጁቡቲ መንእሰይ ክልተ ሃገራት ከም ዝሞቱ ዘይሰምዔ ዘሎ ኣይመስለናን። 'ኣመል ምስ መግነዝ' ከም ዝበሃል ዋና ጸሓፊ ህግደፍ ግን ንደቅና ክልክም ንሃገር ክዕኑ በተን ቀትርን ለይትን ዝስእላ ካመሬታት ሳታላይት ንዝተመከረ ወራር ኣሉ ይብል ኣሎ።

ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ስዊስ፣ ዝቐደመ ይኹን ዝደሓረ ናይ ዶብ ኲናት፡ ንኹንኖ። ዋና ጸሓፊ ህግደፍ ስልጣን ንህዝቢ ከይየረክብ ዝኸተሎ ዘሎ ኣዕናውን ኣብራስን ባህርይ ናይ ፋሺስት ባህርይ እዩ። ፋሺዝም ኣብ ዓለምና ኣብ ዝተፈላልየ ሃገራት ተራእዩ እዩ። 'ንስልጣኔ' ንምዕባሌ' 'ንሰላም' 'ንሉኡላውነት' 'ንሓድነት' እናበሉ ሰብ ክሳብ ኣብ ፈሓም ዝቕየር ሃገር ክሳብ ኣብ ኣብራኻ ትውድቕ ኲናት ዘካየዱ ኣለዉ። ኣብ ስደት ንነብር ዘሎና፡ ብስም 'መኸተ' ዝተኣከበ ዶላርና እነሆ ኣብ ቅድሜና ኣብ ምድረበዳ ደንከል ደቅና ክጠፍኡሉ ንርኢ ኣሎና። እንበኣር ኹልና ኣብ ስደት ንነብር ጸረ እዚ ኲናት ክንለዓልን፣ ኲናት ንሕጅን ንሓዋሩን ካብ ገጽ መሬትና ክጠፍእ ሓንቲ ምርጫና ቓልሲ ኢያ። ህግደፍ ኣብ ሕግን ቁዋምን ከይተንበርከኸ ኣብ ሃገርና ሰላም የሎን። ነባራት ስደተኛታት ደቂ ኣሓትናን ኣሓዋትናን፣ ባራዩ ህግደፍ ኮይኖም ኣብ ዝተጻሕተረ ኲናትን ክሓሩ ሰኽ ምባል፣ ወንጀል'ዩ። ካብ ኩሉ ድማ እቶም ሓደስቲ ስደተኛታት፣ ኣብ በኢት ጽሕፈት መንግስትን ፈስቲፋላት ህግድፍን ትኸዱ እዚ ጥልመት እዩ። ንዘሕለፍኩሞ ጸገም፣ ንመግስቲ ስዊስ ኣመስኪርኩም ኢኹም። ክትርስዕዎ ኣይግባእን።ነዚ ኲናት ክንቃወሞ ከሎና ምሳኹም ኮና ኢና ንጅምሮን ንቅጽሎን። ሓቦን ጽንዓትን ኣይፈለኹም።

ኣብ ጁቡቲ ተሰዲዱ ዝነብር ህዝብና ከም እቲ ኣብ ሱዳንን የመንን ኢትዮጵያን ዓጸ ዓጸ ንማዕጸ፣ ዝወረዶ ክይወርዶ ንፈርሕ። ነዚ ድማ ብሎብን ብፕረስን ንመንግስቲ ጁቡቲ ነቲ ኲናት ናብ ሰላማዊ ህዝብና ከየቅንዖ ብትሕትና ምትሕሳስብን፣ ሕዝብና ምስ እዚ ኲናት ሓንቲ ዘዛምድ ከም ዘይብሉ ክነብርህ ኢና። ኣብ ኪዳን ዘሎኹምን ዝየሎኹምን ተቓወምቲ ነዚ ዘሎ ኩነታት ገምጊምኩም፣ ንህዝቢ ኣማእኪልኩም፣ ነዚ ኣዕናዊ ተግባር ዋና ጸሓፊ መንግስቲ ኤርትራ ብሰልማዊ ሰልፍን ሰሚናራትን ኣብ ቅድሚ ዓለም ክጋለጽ ንመንግስቲ ጁቡቲ ድማ ንሰላማዊ መንገዲ ፍታሕ ዶብ ክወስድ ዝድለ ክግበር ብትሕትና ንጽውዕ።

***ቀጽሪ ሰላም ደሞክርስን ይዓንብብ!***

***ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ስዊስ***
***ጀኔቭ፣*** 09/07/2008.ዓ.ም

**ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ስዊስ**
ASSOCIATION DES ERYTHREENS POUR LA PAIX ET LA DEMOCRATIE (ASPD)
Case postal 401  1214 Vernier, Geneva Switzerland  (eriitrean_ch@yahoo.com